ትካልና ማሕበር ኣክስዮን ማይክሮ ፋይናንስ አደዳይ ንቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ዘገልግል ትልሚ ስትራተጅክ / strategic plan) ንምድላዉ ኣብቲ ስራሕ ንዝተሰማረዩ ስራሕ ልምዲ ዘለዎምን ሕጋዊ ፈቃድ ዘለዎምን ተጫረቲ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ በዚ መሰረት ነዞም ዝስዕቡ ረቃሕታት እተማልኡ ተጫረቲ ክትወዳደሩ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 25, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 9, 2012 9:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 9, 2012 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኦርጋኒዜሽን ኮንሳልታንሲ,ይ/

1 ናይ 2012ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ፣ ተወሳኪ እሴት ታክስ ቫት ፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፀሪ ቲን ፣ ናይ መቕረባይነት ሰርተፊኬት ናይ ወርሒ ለካቲት ተወሳኺ እሴት ታክስ ቫት ፀብፃብ መረዳእታ ዘቕርብ

2 ተደላይ ትምህርትን ስራሕ ልምድን ተጫራታይ ስትራቴጂክ ፕላን ብምድላዉ 10 ዓመትን ልዕሊኡን ኣብ ማይክሮ ፋይናንስን ዝተፈላለዩ ፋይናንሻል ሴክተርን ልምዲ ስራሕ ዘለኩም 50% ልዕሊኡን ዘቕርብዎ ሰብ ሙያ ብኢኮነሚክስ ፣ አተሓሕዛ ሒሳብ ፣ ስታቲክስ ማናጅመንት ካልኦት ተመሳሳሊ ትምህርቲ ትምህርቲ ዓይነት ዝተመረቁን ልዕሊ 5 ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕቲ ልምዲ ዝሰርሑ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ክተቕርቡ ትክእሉ ምኻንኩም

3 ተጫረቲ ጨረታ መኽበሪ ዉሕስና 10 ሚኢታዊት ከትሕዝ ዝኽእልን ንዝሰዓሮ ጨረታ 10 ሚኢታዊ ዉዕሊ ዉሕስና መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ሕጋዊ ብዝኾነ ባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል

4 ጨረታ ሰነድ ዝሸየጠሉ ካብ ዕለት 01/06/2020 ኣ.ፈ /24/09/2012ዓ/ም/ ጀሚሩ ኣብ ሓባራዊ ሀንፃ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ትካልና ኣደዳይ ማይክሮ ፋይናንስ 3ይ ደብሪ ብር 100 ዘይምለስ ብምኽፋል ምዉሳድ ይካኣል

5 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 15/06/2020ዓ/ም /08/10/2012ዓ/ም / ሰዓት 9:00 ድሕሪ ሰዓት ኮይኑ ዝኽፈተሉ ድማ በቲ ዕለት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኮልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ሰዓት 9:30 ድሕሪ ሰዓት ይኸዉን

6 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ አንተረኪቡ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle